
# ዘተ ሚሸል ኮሎን ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ




ዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ቤልጁማዊ ተመራማሪ ሚሸል ኮሎን "ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተቃላሳይ ምእንቲ ኤርትራን ኣፍሪቃን" ዝብል መጽሓፍ ካብ ቤት ማሕተም "ኣንፌስቲጋስዮን" ብቋንቋታት ፈረንሳኛን እንግሊዘኛን ብግንቦት 2025 ኣውጺኡ። ምስ ፕረዚደንት ኣብ መጨረሽታ 2023 ዘካየዶ ነዊሕን ዓሚቑን ቃለ-መሕትት'ዩ ነይሩ። እቲ መጽሓፍ 107 ገጻትን ሽዱሽተ ምዕራፋትን ዝሓዘ ኮይኑ፡ መጠኑ ከኣ ዓቢ እዩ። መደምደምታ ናይ'ቲ መጽሓፍ ከኣ ብኢትዮጵያዊ ደራሲ መሓመድ ሓሰን ተዳልዩ። እቲ መጽሓፍ ብርክት ዝበሉ ስእሊታትን ካርታታት ኤርትራን ዝሓቖፈ ኮይኑ፡ ብቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ምናልባት'ውን ብካልኦት ቋንቋታት ክትርጐም ትጽቢት ኣሎ።

ሚሸል ኮሎን ኣብ መጽሓፉ "ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነታ ብኣህጉራዊ ባንክ ተጽዕኖታት ከም ዘጋጠማን እቲ ባንክ ቁጠባዊ መደባትኩም ባዕልና ክነዳልወልኩም፡ እንተ ዘይኮነ ግን እናበለ ከም ዘፈራርሐ ብዝብል መልእኽቲ ጀሚሩ። ኤርትራ ብገበቲ ኩባንያታት ዓለም ዝተፈላለየ ዓይነት ውግኣት ከም ዘጋጠማ ኣረዲኡ። ኣሰዒቡ ከኣ፡ ኤርትራ ብሰንኪ ነጻጊ መርገጺኣ ካብ ዘጋጠማ ብድሆታት፡

- **ቍጠባዊ ኩናት፦** ቍጠባዊ ዕቤት ናይዛ ናጻ ዝወጸት ሃገር ንምዕንቃጽ ምዕራባዊ ዓለም ዓበይቲ እገዳታት ኣሕሊፉ።
- **ፖለቲካዊ ኩናት፦** ኤርትራ ንምንጻልን ስርዓት ንምቅያርን ካብ ሓድሽ መግዛእታዊ ሓይሊ ኪዳን ምቛም።
- **ወተሃደራዊ ኩናት፦** ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ እዋን ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ፡ ንስርዓት ኢትዮጵያ ብምዕጣቕ ካብ 1998 ክሳብ 2000 ኣንጻር ኤርትራ ሓድሽ ናይ "ውክልና" ኩናት ኣካይዳ።

- **ናይ ፍልሰት ኩናት፦** ወኪል ማእከል ስለያ ኣሜሪካ (CIA) ንኤርትራውያን መንእሰያት ናብ መርበባት ማፍያን ንግዲ ደቂ-ሰብን ንምስሓቦም ዝሰርሕ መርበብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ተጠቒሙ።
- **ዜናዊ ኩናት፦** ብዙሓት ማዕከናት ዜና ንነዊሕ ዓመታት መንግስቲ ኤርትራ ንምስይጣንን ረብሓታት ገበቲ ኩባንያታት ምዕራብ ንምውሓስን ናይ ሓሶት ዜናታትን ሓበሬታታትን ይዝርግሓ ነይረ።

ኤርትራ ኣብ ቅድሚ'ዚ ኩሉ ውግኣት ጸኒዓ ስለዝቀጸለት ከኣ፡ ዝኾነ ተዓዛቢ ክግደሰላ ጀሚሩ። ስለምንታይ ግን እዚ ናይ ኣሜሪካን ኤውሮጳን ተጻብኦ?



ሚሸል ኮሎን

- **እዛ ንእሽቶ ሃገርከ** ንዝተፈላለየ ዕምቀት ዘለዎ ብድሆታት ልምዓት፡ ድርቂ፡ ውሕስነት መግቢ፡ ከባብያዊ ለውጢ፡ ብኸመይ ትገጥሞ ኣላ?
- **ቀዳምነታት** መሰረታዊ ጠለባታ ከም ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ፍትሒ፡ ማሕበራዊ ምዕሩይነት ኣብ ህዝብን ሃይማኖታትንከ ብኸመይ ትሰርዖ?
- **ብዛዕባ ምትሕግጋዝን ጥርናፈን** ናይ'ተን ኣሜሪካ ንምክፍፋለንን ንምድኻመንን እትሰርሕ ሃገራት ዞባኸ (ሶማል፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ጂቡቲ፡ ምስሪን ኬንያን) እንታይ ሓሳባት ኣለዋ?
- **ኣህጉር ኣፍሪቃ** ካብ'ቲ ኤርትራ ንዜጋታታ ክቡርን ምዕቡልን መጻኢ ንምርግጋጽ እተካይዶ ቃልስን ዝተጠርየ ተመኩሮን እንታይ ክትመሃር ትኽእል?


  ኣብ መጨረሽታ 2023 ነዚ ኩሉ ጉዳያት ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ክቕርበሉ ዕድል ረኺበ ነይረ። ግድን ክንሰምዖ ዘሎና እዩ። ሽዑ ኤርትራ ነቲ ኣብ ዘንቢል ዘሎ ጥዑይ ሜለ ንምዕቃብ ግድን ክትድርበ ዘለዋ "ዝተበላሸወት ሜለ" ድያ ዋላስ ብኣንጻሩ ክንፈልጥ ንኽእል ኢና። ናይ ብሓቂ ኣብ ዝበለጸ ዓለም ምንጪ ሓበንን ኩርዓትን ንናጻ ኣፍሪቃ እያ።

እቲ ፍርዲ ንዓኹም ዝግደፍ'ዩ ይብል ደራሲ ሚሸል ኮሎን።

**ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ** ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ናይ'ቲ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኤርትራ ከም ኩለን ግዝኣታት ኢጣልያ ኣብ ኣፍሪቃ ናጽነታ ንኸይትወስድ ብኣሜሪካ ዝተኻየደ ፖለቲካዊ ውዲታት ብሓጺሩ ኣብሪሁ። ከም ኣብነት ከኣ እቲ ሽዑ ዝነበረ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኣሜሪካ ጆን ፎስተር ዳላስ፡ "ኤርትራ እስትራተጂያዊ ረብሓ ዋሽንግቶን ኣይተገልግልን'ያ፡ ስለዚ ከኣ ኣብ'ቲ ዞባ ረብሓ ኣሜሪካ ምስ ዘገልግል ወኪል ማለት ኢትዮጵያ ምትእስሳራ ግድን ነይሩ" ክብል ዝገለጾ ጠቒሱ፡ ብኸምዚ ኣገባብ ከኣ ፍትሓዊ ርእሰ ውሳነ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ተመንዚዑ። ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር 400 ሽሕ ወተሃደራት ዝሓቀፈ ሰራዊት መግዛእቲ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ከካይድ ወሲኑ። ነቲ ዝነበረ ሓይሊ ሚዛን ናብ ረብሓ ሰውራ ኤርትራ ንምልዋጥ ከኣ ኣብ ኩሉ መዳያት ንኩሎም ኤርትራውያን ምውዳብን ካብ ኩሉ ውህብ ዓቕሚታቶምን ትሕዝቶኦምን ምጥቃምን ናይ ግድን ነይሩ። ጉዕዞ መስርሕ ሰውራ ኤርትራ ነዊሕ ነይሩ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ዝተሓላለኸ ሽግርን ኩናት ሓድሕድን ዝመልኦ'ውን ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣብ መጨረሽታ ሓይሊ ሚዛን ናብ ረብሓ ሰውራ ክልወጥ ክኢሉ። ነዚ ሕጂ ንሕና እንዛረበሉ ዘሎና መስርሕ ዳግመ-ህንጻ ድልዱል መሰረት ዘንጸፈ ኸኣ እዩ።

**ኣብ ካልኣይ ምዕራፍ ናይ'ቲ ቃለ መጠይቕ**፡ ኣብ ጠንቂ ናይ'ቲ ሶማል ብሕሙሽተ ኮኾብ ዝግለጽ ኣስፋሕፋሒ ፖሊሲ ዝተኸተለትሉ እዋን ዝጀመረ ሽግር ሶማል'ዩ ዘተኩር። እቲ ፖሊሲ ኸኣ ሶማል ነተን ዝተኸፋፈላ ሓሙሽተ ኣካላቱ ኣብ ሓደ ንምስማር ዝዓለመ እዩ። እዚ ፖሊሲ'ዚ ኣብ መንጐ ሶማል፡ ኢትዮጵያ፡ ጂቡቲን ኬንያን ዞባዊ ወጥሪ ፈጢሩ። ቀጺሉ ኸኣ ካብ እዋን ናጽነት ጀሚሩ ዝነበረ ኩነታት ሱዳንን ኣብ እዋን እስላማዊ ስርዓት 1989-2018 ንሰለስተ ዕቑዳት ዘጋጠመ ፖለቲካዊ ሽግራትን ኣተኩሩ። ህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ሱዳን ብመሪሕነት ጆን ጋራንግ ምንጻል ይደሊ ኣይነበረን። እኳ ድኣ ጆን ጋራንግ ናይ ሓድነት ዕድል 99% ናይ ምንጻል ግን ካብ ሓደ ሚኢታዊት ዘይሓልፍ ምዃኑ ይገልጽ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣብ እዋን እስላማዊ ስርዓት እቲ ዘጋጠመ ኣጋጢሙ። ደቡብ ሱዳን ከኣ ኣብ 2011 ተነጺላ። ኣብ ዳርፉር ባርዕ ተወሊዑ። ሱዳን ከኣ ኣብ ዓሚቑ ሽግር ተሸሚማ። ኣብ መንጐ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ሱዳንን ሶማልን ዞባዊ ኪዳን ወይ ምትሕግጋዝ ክምስረት ይኽእልዶ ንዝብል ሕቶ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ "ካልእ ኣማራጺ የብልናን። ሃገራዊ ጉዳያትና ክንፈትሕ ንኽእል ኢና።

እንተኾነ ግን ሰሚርና ምቑጽ ዞባዊ ሃዋሁው ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ክንፈጥር ኣሎና። ብፍላይ ከኣ ኣብዚ ዓለምና ብናይ ዓውለማ ስነ-ሞጎት ትግዛኣሉ ዘላ ህሞት" ክብል መሊሱ።




**ሳልሳይ ምዕራፍ** ብዙሕ ጉዳያት ቀንዲ ካብኡ ቍጠባ ኣፍሪቃ ካብ ቍጠባ ዕንጋሎ ናብ ኢንዱስትሪያዊ ቍጠባ ማለት ቍጠባ ኣህጉር ኣፍሪቃ ካብ ጥረ-ነገር ናብ ኢንዱስትሪያውያን ምዕራብን ምብራቕን ሃገራት ምልኣኽ ወጺኡ፡ ንዋጋ ጥረ-ነገራት ዘዕዝዝ። ዓቢ ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጥር፡ ንኢንዱስትሪያዊ ፍርያት ብቅቡል ዋጋ ኩሉ ከም ዝረኽቦ ዝገብርን ብደረጃ ኣፍሪቃን ዓለምን ብተወዳዳሪን ስሓብን ዋጋ ሰፊሕ ናይ ሰደድ ኣፍደገ ዝኸፍትን ናብ መድረኽ ውሽጣዊ ኢንዱስትሪያዊ ፍርያት ብኸመይ ይሰጋገር ዘተኮረ ነይሩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ'ዚ ምዕራፍ'ዚ ገቢቲ ኩባንያታት ዓለም ብመገዲ ኣህጉራዊ ባንክን ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን ጨንፈራቶምን ኣቢሎም ንኣህጉራዊ ቍጠባን ሂወት ደቂ-ሰባት ኣብ ዓለምን ብኸመይ ይቆጻጸርዎ ብሰፊሑ ተንቲኑ። ብሰንኪ'ዚ ኸኣ ኣህጉር ኣፍሪቃ ተሃሚሻ ትርከብ። እንተኾነ ግን እቲ ጉዳይ ኣብ ኣፍሪቃ ጥራሕ ዝተወሰነ ኣይኮነን። ብዙሕ ከባቢታት ኣብ ላቲን ኣሜሪካን ኤስያን'ውን ዝተሃመሸ ኣሎ። እዚ ቍጠባዊ ስርዓት'ዚ፡ ኣብ ኤውሮጳን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን'ውን ኣሉታዊ ጽልዋ ገይሩ እዩ። ሎሚ ዕዳ ዋሽንግቶን 31 ሽሕ ቢልዮን ዶላር በጺሑ ኣሎ። እዛ ሓደን ፈረቓን ቢልዮን ህዝቢ ዝነብረላ ኣህጉርና'ውን ህዝባ ካብ መጠን ንላዕሊ እናዛየደ ይኸይድ ስለዘሎ፡ ኣብ ቅድሚ ዓቢ ብድሆታት ኣላ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ወለዶ ብዝሒ ህዝቢ ኣህጉርና 3 ቢልዮን ክበጽሕ ትጽቢት ስለዘሎ ከኣ ብቍጠባ ዕንጋሎ ክትቅልቦም ኣሸጋሪ እዩ። ኣብ ቅድሚና ካልእ ምርጫ የለን። ካብዚ ዓንኬል'ዚ ግድን ክንወጽእ ኣሎና። ኣህጉራዊ ባንክን ማዕከን ገንዘብን ኩሉ ነገር ክውስኑልናን ትምህርቲ ክህቡናን ክንጽበ የብልናን። ፕሮግራም ኣህጉራዊ ባንክን

ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን እንተ ድኣ ተቓዊምካ ከኣ ኣሰይጢኖም "ጥሩፍ" ወይ "ምልካዊ ማርክሳዊ" ይብሉኻ።

***ራብዓይ ምዕራፍ*** ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ዝካየድ ትሕተ-ቀርጺ፡ ጽዓት፡ ማያዊ ልምዓት፡ ማዕድናዊ ምዝመዛን ካልእን ዘጠቓለለ ህልዊ ብድሆታት ኤርትራ'ዩ ዝትንትን። ወርቂ፡ ነዳዲን ጋዝን ክህልወካ ይኽእል'ዩ፡ እንተኾነ ግን ብዘይ ጽዓት ትርጉም የብሉን። ኣብ ዝኾነ ፕሮጀክት ሰብኣዊ ጸጋ ወሳኒ ረቛሒ ምዃኑ ግን ክፍለጥ ኣለዎ። ኣብዚ ጽላት'ዚ መሰርሕ ምምራጽ ወፍሪ ንናይ ምድንጋጽ ወይ ኣይድዮሎጂ ድፍኢት ዝግደፍ ዘይኮነስ፡ ካብ ክውንነታዊ ገምጋም ናይ ርሑቕን ቀረባን ጠለባት ሃገር ዝብገስ እዩ። ኤርትራ ድኽነት ንምእላይን መግቢ ንምውሓስን ካብ ቍጠባዊ ዕንጋሎ ንምውጻእ እትኽተሎ ፖሊሲ ከመይ'ዩ ንዝብል ሕቶ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ክምልስ ከሎ፡ "ንሕና ኣብ ፍርቂ መገዲ ኢና ዘሎና። ሕጂ እቲ ጉዳይ ንፈልጦ ኣሎና። ስለዚ ጉዳይ መሬት፡ ማይ፡ ዝናብን፡ መግቢን ተጸኒዑ እዩ። ንኣብነት ሰሪሕናዮ ዘሎና ዲጋታት 300 ሚልዮን ኪዩቢክ ሜተር ማይ ዝሸፍን እዩ። ኣብ ክሊ እስትራተጂና ሕቶ ውሕስነት መግቢ ንምፍታሕ ብማእከላይ ገምጋም ኣብ ሓደ ዲጋ ዘሎና ማይ ካብ 30 ክሳብ 50 ሚልዮን ኪዩቢክ ሜተር ዝበጽሕ እዩ። ከበድቲ መሳርሒታት ዘድልዩና ኣይኮኑን። ኣብ ምስራሕ ዲጋታት ዜጋታት ይሳተፉ እዮም። ብጸሓያዊ ጽዓት ማይ እናጨንጓዕና ንጥቀም ኢና። ብተወሳኺ ስርዓት-መስኖ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ ኤርትራ ርቡሕ ሃብቲ እንስሳን ሃብቲ ዓሳን ኣለዋ። ገምጋም ኣህጉራውያን ውድባት ከም ዝሕብሮ፡ ዓመታዊ ትሕጃ ኤርትራ ካብ ሃብቲ ዓሳ ካብ 80 ክሳብ 120 ሽሕ ቶን ዝበጽሕ እዩ። ክሳብ ሎሚ ግን ዓመታዊ ካብ 10 ሽሕ ቶን ንላዕሊ ገፊፍና ኣይንፈልጥን ኢና። እቲ ዕላማ ውሕስነት መግቢ ወይ ነፍስኻ ምኽኣል ዘይኮነስ፡ ኣብ መዳያት ፋብሪካታት ምስናዕን ምልኣኽን እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ'ውን ብዛዕባ ተራ ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ይኹን ኣብ መድረኽ ዳግመ-ህንጻ ሃገር ኣቕሪቡ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብዛዕባ ተመኩሮ "ሳዋ" ኣመልኪቱ፡ "ናይ ወተሃደራዊ መሰልጠኒ መዓስከር ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ መንጐ ኩሎም መንእሰያት ኤርትራ ምትሕንፋጽን ስነ-ኣእምራውን ባህላውን ሓድነታውን ዝምድናታትን ዝፈጥር እዩ ኣብ ሳዋ ኩሉ ሰብ ንሓደ ዕላማ ማለት መጻኢ ኣብ ምህናጽ ሓደ መርገጺ'ዩ ዘለዎ። ኩሎም ከኣ ፍልጠት ንምቅሳም ሓቢሮም ይመሃሩ። ስለዚ ኸኣ መጻኢ ናታቶም እምበር ናተይ ኣይኮነን" ክብል ኣብሪሁ።

***ሓሙሻይ ምዕራፍ፦*** ኣብ ጥዕናን ትምህርትን ዘተኮረ ነይሩ። ሚሸል ኮሎን ኤርትራ ንኹሎም ህጻናታ ኣብ ኩሉ መዳያት ትምህርቲ ከተረጋግጸሎምዶ ክኢላ? ዝብል ሕቶ

ኣቕሪቡ ነይሩ። እቲ መልሲ ኸኣ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። “ድሕሪ 30 ዓመት ዕላማታትና ከነረጋግጽ ኣይከኣልናን ክብል እኽእል፡ ሓደ ሓደ ግዜ ነቲ ዝተሓንጸጸ ዕላማታት ከነረጋግጽ ዘይምኽኣልና ሕማቕ ይስምዓኒ እዩ። እንተኾነ ግን ካብ ጉድለትና ብዙሕ ኢና ንመሃር፡ ፍሽለት ንዓና ትምህርቲ እዩ፣ ትምህርታዊ ጽላት ከኣ ቀዳማይ ካብ ቀዳምነታትና እዩ። ዜጋታት ሃብቲ ንምፍጣር ኣበርክቶኦም ከዕብዩ ዘኽእሎም ከኣ ትምህርቲ ጥራሕ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመታት ናይ ትምህርቲ ፖሊሲና ጽቡቕ ስለዘይነበረ ዳግመ ርእይቶ ጌርናሉ። ብሰንኩ 80 ሚኢታዊት ካብ ተማሃሮና ግዳይ ኮይኖም እዮም። ጥዕና ብዝምልከት ናይ ግድን ንኹሉ ብማዕረ ክባጻሕ ኣለዎ። ኣብ ሽዱሽተ ዞባታት ኤርትራ ሽዱሽተ መወከሲ ሆስፒታላት ሃኒጽና። ኣብዚ ዝለዓል ሕቶ ግን ኣብ'ቲ ሆስፒታላት ብቑዓት ሓካይም ኣለዉዶ? ኣብ ኩሉ ዞባታትከ እኹላት ክሊኒካትን ማእከላት ጥዕናን ኣሎናዶ? ኣብ ርእሲ'ዚ ኸኣ ኣብ ኩለን ዞባታት እኹል ቀረብ መድሃኒትከ ኣሎዶ? ዝብል እዩ። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ ኣብ ክንዲ ኦርጅናል መድሃኒታት ጀነሪክ መድሃኒታት ንምጥቃም ነዚ ዕላማ'ዚ ንምዕዋት ዘኽእል ትሕተ-ቅርጺ ምድላው የድሊ። ንሕና ብናጻ ኣገልግሎት ዝህብ ዝበለጸ ትካላት ጥዕና ክህሉ ኢና ንደሊ።

**ሻዱሻይን ናይ መጨረሽታን ምዕራፍ፥** ንዜናዊ ፕሮፖጋንዳ ምምካት ብዝምልከት'ዩ ነይሩ። ቤልጁማዊ ደራሲ ኣብ'ዚ ምዕራፍ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ነዚ ዝስዕብ ሕቶ ኣቕሪቡሉ፦ ሎሚ እቲ መፍትሒ፡ ኣብ ናይ ሓበሬታን ሓሳባትን ኩናት ከምዘሎ ትሓስቡዶ? ሃንደበት እቲ መልሲ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። “ሓሳባትን ሓበሬታታትን ካብ ዝኾነ ካልእ ኣገዳሲ'ዩ። ወዲ ሰብ ኣብ ሓበሬታ ክይተመርኮስ፡ ከመይሉ'ዩ ጥዑይ መርገጺን ቅኑዕ ውሳኔን ክወስድ ዝኽእል? ነቲ ማዕከናት ዜና ዝፍንውኦ ኣደናጋሪ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ንምምካት ኩሉ ግዜ እትኽተሎ እስትራተጂ ግድን ቅኑዕ ሓበሬታ ክሽውን ኣለዎ። ዝኾነ ውልቀ-ሰብ ወይ ሕብረተሰብ ናብ ስራሕ ይኹን ምንቅስቓስ ቅድሚ ምብጋሱ ጽቡቕ ኣፍልጦ ክህልዎ ኣለዎ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ብዝምልከት ማሕበረ-ኮማት ኤርትራ ኣብ ምዕራብ ኣብ ዜናዊ ኩናት ተራኦም ይጻወቱ ድዮም ንዝብል ሕቶ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ “ሚኒስትሪ ዜና፡ ነዚ ሎሚ ዜናዊ ምድንጋር ንምምካት ጽቡቕ ዕድልን ኣገባብን ኮይኑ ዘሎ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከም ዘይግደሰሉ ከረጋግጸልካ እፈቱ። ኣብ'ዚ ዝኾነ ዜጋ ናቱ ኣስተዋጽኦ ከበርክት ይኽእል እዩ። ብፍላይ ከኣ ማሕበረ-ኮማት ኩሉ ዕድላት ስለዘለዎም ዓቢ ኣበርክቶ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ መልሲ ንምሃብ ግድን ሚኒስትሪ ወይ ትካል ዘድልየና ኣይኮነን። ዜና ናይ'ቲ እነካይዶ ኩናት

ኣርእስቲ እዩ። ስለዚ ብኣድማዕነት ክንጥቀመሉ ኣሎና። ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ንዜናዊ ምድንጋር ንምቅላዕ ብሓደ ወገን፡ ነቲ ሓቂ ንምርካብ ድማ በቲ ካልእ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝፍኖ ሓበሬታታት ኣብ ምክትታል ሓላፍነቱ ክሰከምን ተበግሶ ክወስድን ኣለዎ።

**መደምደምታ ናይ'ቲ መጽሓፍ፡** ኢትዮጵያዊ ደራሲ መሓመድ ሓሰን'ዩ ጽሒፉዎ። ንሱ "መጽሓፍ - ዘተ ሚሸል ኮሎን ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ምቹእ ግዜ ከም ዝወጸ ጠቒሱ፡ ኣገዳስነቱ ድማ በዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ረቛሒታት ገሊጹዎ።

1- ዓለም ኣብ ሰንከልከል ምህላዉ
2- ኣፍሪቃ ክበራበር ከም ዝጀመረ
3- ጥሙሕ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ሰላምን ብልጽግናን "